Tewahdo.org cyber ministry

# ስርዓተ ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን

**ጥቅምቲ 3ይ ሰንበት**

**ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ጽጌ፤ ካብ መስከረም ፳፮ - ሕዳር ፮ ግእዝ)**

**1ይ ካህን** ማቴ 12፡1-22 (Matthew 12:1-22)
**2ይ ካህን** ግብ 4፡19-31 (Acts 4:19-31)
**1ይ ዲያቆን** 1 ቆረ 10፡1-19 (1 Corinthians 10:1-19)
**2ይ ዲያቆን** ራእይ 14፡1-6 (Revelation 14:1-6)

**ቅዳሴ፡-** ቅ. ማርያም
**መዝሙር፡-** "ወመኑ መሃሪ ዘከማከ" ከማኻ ዝበለ ምሓሪ መንዩ?

ጻድቅሰ ከመ በቀልት ይፈሪ፡
ወይበዝህ ከመ ዘግባ ዘሊባኖስ
ትኩላን እምንቱ ውስተ ቤተ እግዚኣብሔር።

ጻድቕ ከም ስየ ይልምልም፡ ከም ጽሕዲ ሊባኖስ ይዓቢ፤
እቶም ኣብ ቤት እግዚኣብሔር እተተኽሉ ኣብ ኣጸድ ኣምላኽና
ይልምዑ። መዝ 92፡12-13

"The righteous shall flourish like the palm tree: he shall grow like a cedar in Lebanon. Those that be planted in the house of the LORD shall flourish in the courts of our God." Psalms 92:12-13

## "ወመኑ መሃሪ ዘከማከ" ከማኻ ዝበለ መሓሪ መን'ዩ?

ቅዱስ ያሬድ፡ ምሕረት እግዚኣብሔር ኣብ ኦሪት ኪዳን ብዕምቆት እንዳስተንተነ ዝዘመሮ ናይ ምስጋና መዝሙር እዩ። ምኽንያት ናይቲ መዝሙር ድማ ከምዚ ብምባል የብርሆ፡- ቃል ኪዳንካ ምስ ኖህ ዘጽናዕካ! ንእስራኤላውያን ካብ ሰማይ ማና ኣውሪድካ ዝመገብካ! ንምድሪ ጽጌረዳ፡ ዕንባባን ፍርያትን ሂብካ ፍጥረት ኩሉ እትምግብ! ንሰማይን ምድርን ዝፈጠርካ! ኩሉ ፍጥረት ብተስፋ ንኣኻ ዚጽበ ከማኻ ዝበለ መሓሪ መንዩ? ምስ ናይ ዕለቱ ወንጌልን ምንባባትን ተዛሚዱ ኪርኣይ ከሎ ድማ ብዝያዳ ትርጉም ይህብ።

ምሕረት እግዚኣብሔር ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብሰፊሑ ተገሊጹ ኣሎ። ምሕረት ምግባር ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ቕጽዓት ንዝግበኦ ወንጀለኛ ርሕራሐ ምግባር ማለት እዩ (መዝ 51፡1, 7-8)።

እግዚኣብሔር ወልድ ኣብ መስቀል ዕርቓኑ ወጺኡ ስሌና ዝሓመሞን ዝተሳቐየን፣ ኣብ መጨረሻ ከኣ ብኣሰቓቒ ሞት ዝሞተን ንዓለም ብምሉእ ምሕረት ምእንቲ ኪገበረሉ እዩ (ኤፌ 2፡4-5፣ 1 ጴጥ 1፡3፣ ሮሜ 5፡6-10)። እግዚኣብሔር ካብ መስዋዕቲ ንላዕሊ ምሕረት ይፈቱ። ሎሚ ዝተነበበልና ወንጌል እዚ ሓቂዚ እዩ ዚምህረና። ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልትታት ብሉይ ኪዳን እንተበብና፡ ኣምላኽ ምሕረቱ ዚበዝሐ (ዘኍ 14፡18)፣ ክሳብ ሰማያት ዚበፅሕ ሰፊሕ (መዝ 36፡5፣ 114፡11)፣ ዓሚቕ (መዝ 36፡6)። ነቶም ንቃሉ ብፍርሓት ዘኽብሩ ምሕረቱ ክሳብ ሽሕ ወለዶ ዝዝክር (ዘጸ 34፡7)፣ ካብ ዘልኣለም ክሳብ ዘልኣለም ባህርዩ ከይቐየረ ዚነብር (መዝ 114፡17። 137፡1-8) ኣምላኽ ምዃኑ ይምህረና። ካብቲ ኩሉ ናይ ብሉይ ኪዳን ምንባባት ዝዓቢ፡ ስፍሓትን ዕብየትን ምሕረት እግዚኣብሔር ብዝያዳ ዚምህር ግን እቲ ሓደ ወዱ፡ መድኃኔ ዓለም፡ ኣብቲ ዓርቢ ስቕለት ዝገለጾ ምሕረት እዩ። ነዚ ምሕረትን ፍቕርን እዚ መን ኪገልጾ ይኽእል?

ካብዚ ናይ ሎሚ ቃል እንታይ ንምሃር? ምሕረት እግዚኣብሔር ኣዒንቲ ዕዉራት የብርህ፡ ኣእዛን ጸማማት ይኽፍት፡ መጠን ዘይብሉ ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ (ማር 10፡46-52)። ንገሌና ከም ሎጥ ካብ ሓዊ መንጢሉ ዘውጽኣና (ዘፍ 19፡19)፣ ንገሌናውን ከም ኣቦና ያዕቆብ ዘይግብኣና ምሕረት ዝሃበና (ዘፍ 32፡10)፤ ከም ጊልያ ኣብርሃም ለሚንናዮ ሓሳብ ልብና ዘፈጸመና፣ ከም ናእሚ ንምረትናን ሓዘንናን ደቢሱ ንቡር ህይወት ዚሃበና ኣምላኽ፡ ነቲ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ብሰላም ወጺና ብሰላም ክንኣቱ ምሕረቱ ዘብሓልና እግዚኣብሔር ወትሩ ከነመስግኖ፤ ብመጠን እቲ ዝረኸብናዮ ምሕረት ከኣ ምሕረትን ይቕረታን እንገብር ክርስትያን ኪንከወን ይግባእ። ንሓውና ወይ ድኻ ሰብ ክንርሕርሓሉ ከሎና፡ ንኣምላኽ ነኽብሮ ምህላውና እዩ ቃሉ ዚምስክረልና (ምሳ 14፡21, 31፣ ሆሴ 14፡3)። ኣምላኽ ብጸግኡ ይደግፈና!

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።